# ***ቃል መልእኽቲ ራእይ ተስፋ ኦባማ***

***ቅኑዕ ኣንፈት ኣብ ምኽሳብ ምጭውቲ ስድራቤት፡-***

*እዚ ኣብ ኣውስትራሊያ ዚመደበሩ ብኦባማ ቪዥን ኦፍ ሆፕ ዚተሰምየ መርበብ ሓበሬታዊ ትካል'ዚ ንምጭውቲ ኤርትራዊት ስድራ ቤት ንምኽሳብን ብሓፈሻ፡ንድኹም ጎድንታት ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ ብመንገዲ ኣዎንታዊ መልእኽታት ተስፋ ምሕያልን፥ኣብ ዘይንቡር ስፍራታት ብዘይ ኣገባብ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ንዚርከቡ ንጹሓት ኣባላታ ንምጥባቕን ከኣ ብፍላይ፥ዚብል ዕላማታት ሒዙ ኣብ መፋርቕ 2009 ዓ.ም. ዝተወልደን፥እናዓበየን፥እናሰሰነን ዚኸይድ ዘሎን፥ብህላዉነት ኣምላኽ ኣዳዕዲዑ ዚኣምንን ናጻ ስድራቤታዊ ትካል እዩ።*

*ናይ ታሪኽ መዛግብቲ ብፍላይ ከኣ ኣብ ሳልሳይ ክ/ዘመን ካብ ዝተዋህለሉ ቅዱሳት ጽሑፋት ዘረጋግጽዎ ሓቂ እንተልዩ፡ ብመንጽር ቅንዕና ዳርጋ ኩሎም ሰባት ብሓፈሻ ቅኑዕ ዚገብሩን ዘይገብሩን ብምባል ኣብ ክልተ ኪምደቡ ምኽኣሎም እዩ።*
***ቅንዕና** (Integrity):-ዚብል ቃል ኣብ ውሽጡ ንጽህና፥ቅድስና፥ጽድቂ፥ፍትሒ፥ርትዒ፥ሓቂ፥*
*ግልጽነት፥ እምነትን ካልእ ተመሳሳሊ ዓይነት ኣዎንታዊ ሓሳባትን ኣካቲቱ ዚሓቑፈ ቃል እዩ።እዚ ቃል*
*እዚ ክንዮ እቲ ሞያ፥ክእለትን ፍልጠትን ናይ ሓደ ውልቀሰብ፥ትካል ወይ ሰልፊ ወዘተ ብዝያዳ ኣብ ኣቃውሙኡን ባህሪኡን ዘመዘነ ዓሚቕ ትርጉም ዘካተተ ቃል እዩ።*
*እቶም ቅኑዕ ገይሮም ዚሓለፉ እንብሎም ብዙሕ እዋን ብኣምላኽን ሰብን መጎስ ረኺቦም ዕድመ*
*ጸጊቦም ብተፈጥራዊ ዓይነት መንገዲ ኪሓልፉ እንከለዉ፥እቶም ቅኑዕ ዘይገብሩ እንብሎም መራሕቲ*
*ድማ ብኣንጻሩ ብኹሉ መጎስ ከይረኸቡ እኳ ድኣ ኣብ ሓጺር ዕምረ ዕድሚኦም ብኽፉእ ዓይነት*
*ኣገባብ ክሓልፉ እንከለዉ ተዓዚብና ኣለና።ልክዕ እዩ ሓደ ሓደ እዋን ኣብ ልዕሊ እቶም ሕያዎት*
*ሰባት ገለ እኩይ ነገር ከጋጥም እንከሎ ሰሚዕናን ዕተዓዚብና ኣለና።እዚ ዓይነት ኣጋጣሚ'ዚ ኣምላኽ ከም መግለጺ ፍቕሩ፡ሕዝቡ ናብኡ ንምስሓብ ከም መቕጻቲ ዚጥቀመሉ ኣገባብ እምበር ካልእ ኪኸውን ኣይክእልን።ከመይሲ መደብ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ሕዝቡ ኩሉ ሳዕ ሰናይን ተበሃጊን ምዃኑ ሓቂ ስለዝኾነ።*
*ብመሰረት ትዕዝብቲ ራእይ ተስፋ ኦባማ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ሃገርና ብፖለቲካዊን ሃይማኖታዊን ኣኽራርነት ኪግለጽ ዚኽእል ሓደ ኣዝዩ ሓደገኛ ዚኾነ ፍልስፍና ገዚኡ ምህላዉ እዩ።ብግብሪ ንዕዘቦ ከም ዘለና ኸኣ ኣብዚ ግዜ እዚ ቅኑዕ ምግባርን ኣብ ሃገርና ናይ ጥንቲ ታሪኽ ኣብ ዘለዎ ሃይማኖት ክርስትና ምእማንን ሓድሽ ሃይማኖት ብዚብል ሽፋን ከም ነውርን ገብንን ተቖጺሩ ይርከብ።ከም ሳዕቤኑ ኸኣ እንሆ ባህልን ክብርን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ወዲቑ።ከመይሲ ሃይማኖትን እምነትን ቀንዲ መሰረት ባህሊን ክብርን ሓደ ህዝቢ ስለዚኾነ።*

*ካብዚ ብምብጋስ እምበኣር ራእይ ተስፋ ኦባማ ነዚ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ኤርትራ ብዚመርሕ ዘሎ ሰልፊ ኣብ ልዕሊ ሃይማኖትን እምነትን ህዝቢ ኤርትራ ዚፍጸም ዘሎ ዘይሓላፍነታዊ ተግባራት ቅኑዕ ዘይምዃኑ ንምግላጽ ካብ ናይ ጽልኢ መንፈስ ሓራ ብምዃን ብፍቕራዊ መንገዲ ይኹንን።ብጹእ ወቅዱስ ኣቦና ኣቡን እንጦንዮስ ቀዳማዊ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ወፓትርያክ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ፡ዚርከብዎም ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዚርከቡ ብርክት ዚበሉ ንጹሓት ኣገልገልቲ ልዑል ኣምላኽ **ብዘይ ዚኾነ ይኹን ቅድመ ኩነት ኪልቀቑ ይጽውዕ።** ብተወሳኺ ነቲ ኣብ ኣፍ ሞት በጺሑ ዚርከብ ሞራላዊ፤መንፈሳዊን ኤቲካዊን ክብርታት ህዝቢ ኤርትራ ብዝተፈላለየ መንገዲ ንምብርባሩ ቃል ይኣቱ።*

*ስለዚ እምበኣር ኣብ ውሽጢ ሃገርን ደገን ትቕመጡ ኣብ ኩሉ ዓይነት ጽፍሒ ዕድመን ጾታን ዘለኹም ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ኣብ ደገ ትቕመጡ ኩልኹም ከኣ ብፍላይ፥ንጹር ራእይን ቅኑዕ መሪሕነትን ሒዝና ኣብ ዝተበገሰናሉ ኣብዚ ናይ መሰጋገሪ ወቕቲ'ዚ ኩሉ መዳያዊ ድጋፍኩም ንምብርካት ኣብ ጎድኒ ራእይ ተስፋ ኦባማ ደው ኪትብሉ ጻዊዕትና ብጽኑዕ ግን ከኣ ብትሕትና ነቕርብ!!!*

***መተሓሳሰቢ፡-**ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሓምለ ወይ ኣብ መጀመርያ ወርሒ ነሓሰ ናይ እዚ ዓመት እዚ ንጹሓት ኣመንቲ ኦርቶዶክስን ካልኦት ኣመንቲ ሃይማኖት ክርስትናን ኩሎም ካብ ቀይዲ ብዛዕባ ዚልቀቕሉ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ እቲ ዚዓበየን ዚስፍሐን ሰላማዊ ሰልፊ ዚግበረሉ እማመ ኣብ ምትግባር፡እዚ ቅዱስ ሓሳብ ሰላማዊ ሰልፊ እዚ ዝካየደሉ ኣገባብ ይኹን ካልእ ኣገዳሲ ውሳነ ኣብ ምሕላፍ ኩሉ ዓይነት ርእይቶታትኩም ክትልኩልና ብትሕትና ንሓትት!*

*(Please visit (W):www.ozovoh.org OR Contact (E): ozjsfamily@gmail.com (M): +61 401 939 247 for more info)*
*ሰላምን ፍቕርን ንኹልና!!*
*ኣዳላዊን ኣወሃሃድን ራእይ ተስፋ ኦባማ*